**ሰልፊ ህዝቢ እምባስነይቲ ኣመልኪትና ምስ ገለ ለባማት ኣሕዋት ዘቲና ከምዚ ድማ በልና**

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ (ዓርቢ ስቕለት 2008)

---

1. ህዝቢ ዘቕረቦ ሕቶ ሕገ-መንግስታዊ መሰሉ እዩ። ሽንኳን ናይ ወረዳ ሕቶ ኣንቀፅ 39 እውን ኣለካ ተባሂሉ። ዝወከሎም ተመረፅቲ ሕትኡ ኣብዘይምልሱ እውን ናይ ምልዓል ሙሉእ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ኣለዎ።

2. ገዛኢ ውድብ እዚ ንነዊሕ እዋን ከጠፍእ ዘይከኣለ ሕቶ ምፍታሕ ዝኣበዮ ኣታሒቱ ይሪኦ ስለዝፀንሐን ዘሎን እዩ። እዚ ዝመስል ተቓላሳይን ተኣማኒን ህዝቢ ሒዝካ ሕቶ ህዝቢ ብኣግባቡን ብእዋኑን ኣብ ክንዲ ንምፍታሕ ምፍታን ብምፍርራሕ፣ ብረድኤት፣ ብጠቐነን ብምእሳርን ንምሽቁራር ምፍታን ኩለንተንኡ ንዝኸፈለ ህዝቢ ዝምጥን ኣይኮነን። እዚ ኣብ ሞንጎ ህዝቢን ኣብ መማሓደርቱን ዘሎ ሰፊሕ ኣፈላላይ ግልፂ ይገብሮ። ብንቕሓት ህዝቢ ቐዲሙ መማሓደርቱ ድሒሮም ኣለዉ። እዚ ህዝቢ ናይ ብሓቂ ሱልጡንን ፖለቲካዊ ብስለቱ ዘመስከረን እዩ።

3. “ሴፍቲኔት እንህብ ሎሚ እዩ፤ ኣምለጠኩም። ናብ ሰልፊ ክኸይድ እየ ዝበለ ብረቱ ይምንጠል፤ ካብ ኩሉ ጥቕማጥቕሚ ይግለል፤ ካብ ኣባል ውድብ ይባረር” (ገለውን ከምተሰረዙን) ተባሂልና ዝብሉ ከምዘለው ክንሰምዕ ከለና ብጣዕሚ ዘተሓሳስብ ኮይኑ ረኺብናዮ። ብናይ ሴፍቲኔት እኸሊ ኣፈራሪሖም ዝተብሃሉ ካድረታት ገዛኢ ውድብ ዘይናቱ እንተኾይኖም ህዝቢ ብዝፈልጦ ስጉምቲ ክወስድ ይግባእ። ስጉምቲ ተዘይወሲዱ ገዛኢ ውድብ ዝሰደዶም እዮም ኢልና ንድምድም። ክዝከር ዘለዎ እዚ ህዝቢ እዚ ብኽብዱ ዘይዕሾ ምኺኑ ኣብ 77ን ድርቂ ናይ ደርጊ ረድኤት እኸሊ ጠንጠነለይ ብምባል ምስ ጥሜቱ ንውድቡ ዝወገነ ሓያል ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ብኽብዱ ምቅፃዕ ድማ ይቕረ ዘይበሃሎ ገበን ምኺኑ ኣስሚርናሉ። እሞ ድማ ምሩፃት ደቁ ዝኸፈለ ህዝቢ!

4. ድምፂ ወያነ ፃዊዒት ኣኽቢራ ናፍቲ ሰልፊ ምኻዳ ንኢድና። እንተኾነ እዚ ሰልፊ ንምሉእ ህዝቢ እምባስነይቲ ኣይውክልን ዝብል መልእኽቲ ንምሕላፍ ስለዝደለየት ሰልፊ ዝውፅኣን ዘይወፅኣን ኣብ 4ን 6ን ጣቢያታት ገይራ ክትከፋፍል ምፍታና ዘይቅኑዕን ህዝቢ ዝኸፋፍል ሓደገኛ ኣካይዳን ምኺኑ ተረዳዲእና። ሪፈረንደም ተገይሩ ቐፀራ ዘይተኸየደ ከምዚ ዓይነት ፀብፃብ ምሕላፍ ጌጋ እዩ። ብስሩስ ኣርባዕተ ጣቢያ ዘሎ ህዝቢ እንተኾነስ ብዙሕ እንድዩ። ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቓልሲ “ሃፍታም ገባር ከም ፀላኢ ምቑፃር ሓደ ዕጥቅኻ ምድርባይ ማለት እዩ” ዝብል ናይ መለስን ግደይን ክርክር ዘኪርና! ሀዚውን ከምቲ ብድምፂ ወያነ ዝተፀብፀበ ናይ ወረዳ ሕቶ ዘልዓላ ኣርባዕት ጣቢያታት እምባስነይቲ ጥራይ እንተኾይነን እውን ዝሓዝኦ ህዝቢ ቀልሊ ስልዘይኮነ ንዚ ዘይዴሞክራሲያዊ ምላሽ ምሃብ ሓደ ዕጥቅኻ ብድሌትካ ምስኣን ማለት ምኺኑ ምርዳእ የድሊ።

ድምፂ ወያነ እዚ ሰልፊ ኣይውክለናን፣ ምስ ውድብና ኣይንፋታሕን ዝብሉ ሰባት ኣቕሪባትልና። ቀዳማይ ነገር፣ እቶም ከምኡ ዝበሉ ውልቀሰባት እውን እንተኾኑ እቲ ወረዳ ግበሩልን ዝብል ሕቶ ናቶምን ናይ ሙሉእ ህዝቢ እምባስነይቲ ምኺኑን ብድምፆም ኣረጋጊፆም ሰሚዕና። ካልኣይ፣ እቶም ሰልፊ ዝወፅኡ እንተኾነ ምስ ውድቦም ክፋትሑ ትምኒት

ከምዘይብሎም ግልፂ ገይሮም እዮም። ምምሕዳር ኣይጠዓመናን እምበር ውድብ ቐይሩለይውን ኣይበለን። ምስ ውድብ ኮይና ዘይንፈትሖ ፀገም የለን እዩ ዝብለ። ኣብዚ ኣፈላላይ የብሎምን። ስለዚህ ሎሚ ወረዳ ንኹን ዝብሉን እወ ወረዳ ንኹን ግና ኣይእዋኑን ንፅናሕ ዝብሉን ከም ዓብይ ኣፈላላይ ዘለዎም ተጓነፅቲ ሓይሊታት ገይርካ ምቕራብ ምስትውዓል ዝጎደሎን ካብ ንህዝቢ ወጊነ እየ ዝብል መራኸቢ ሓፋሽን ዘይትፅበዮን እዩ።

5. ካብ ቴሌቪዥን ትግራይ ነቶም ወከልቲ ህዝቢ ዝተውሃበ ምላሽ - "ኪዱ እዙይ ዝሞተ ጉዳይ ሽፋን ኣይንህብን ብምባል ወረቐት ኣብ ዓይንና ደርብዩ ኣቆናፂዑ ሰዲዱና" ዝብል ከምዝነበረ ተፀብፂቡ። ንዚ ከምዚ ዝበለ ትዕቢትን መስመርን ዝሰሓተ ዘረባ “ድሑርን ንህዝቢ ዘይወገነን” ክንብል ነቒፍናዮ። ናይ መራኽቢ ሓፋሽን ብዓብይኡ ድማ ናይ ጋዜጠኝነት ሙያ ዝጠሓሰ ተግባር እዩ። ኣብ ልምዓት ክልልና ሓንቲ ነገር ዘይውስኹ መደባትን ጓይልን ሽፋን ናሃበ ዝውዕል ቴሌቪዥን ጉዳይ ህዝቢ ምፅያፉ ኣውጊዝናዮ።

**መፍትሒ ዝበልናዮ**

*ብመንግስቲን ገዛኢ ውድብን-* ናይ ምዕባይን ምንኣስን ተዘይኮይኑ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባቢታት ትግራይ ከምዘሎ ይፍለጥ እዩ። ህዝቢ ዝኣመነሉ ሕቶ ምልዓሉ ዋላ ሓንቲ ሓጥያት የብሉን። ቐደሙውን እንተኾነ ህዝቢ ተመያይጡ ዘይኣመነሉ ነገር ምግባር ውፅኢቱ ሕማቕ ምዃኑ ተረዲእኻ ምስ ህዝቢ ሰፊሕ ምይይጥ ምግባር የድሊ። ህዝቢ ወረዳ ዘይምኽነይ እዚ ጎዲሉኒ ዝብሎ ነገር ብእርይ ቁፅር ተረዲእኻ ብኢሂን ምሂን ሽግሩ ንምቅላል ምፍታን ካብ መንግስቲን ገዛኢ ውድብን ትፅቢት ይግበር። ኣብዚ እዋን ከምዚ ዓይነት ሕቶ ወረዳ ምልዓል ዘይከኣል እንተኾይኑውን ዘይከኣለሉ ምኽንያት ንህዝቢ ግልፂ ብዝኾነ መገዲ ምርዳእን ምእማንን የድሊ። ካብ ሕገ-መንግስቲ፣ ካብ ባጀት፣ ካብ ኣሰራርሓ ወዘተ ኣንፃር ዘለዎ ሽግር ብዝርዝር ተረዳዲእኻ መዕለቢ ክግበረሉ ኣለዎ።

ገዛኢ ውድብን ብተዋረድ ንታሕቲ ዘለዉ ካድረታቱን እውን ሕቶ ንዘልዓለ ወልቀ ሰብ፣ ጉጅለ፣ ህዝቢ ካብ ምፍርራሕ፣ ረድኤት ምኽላእን፣ ጠቐነን ምእሳርን ወፂኦም ካፍቲ ዘለዉዎ ዝሓሸ ክልብሙ ይግባእ። ብድርቅናን ትዕቢትን ህዝቢ ምምራሕ ንቶም ዘሓለፉ ስርዓታትውን ስለዘይዋፅአ ንቕሓት መሪሕነትን ካድረታት ውድብን ንቲ ናይ ህዝቢ ዝውንጭፍ ዘሎ ንቕሓትን ድሌታትን ዝምጥን ክኸውን ግድን እዩ። ኣይተዓደልናን እምበር እንተኾነ ከም መሪሕነት መጠን ዝበለፀ ክኸውን ነይሩዎ።

ብዝተረፈ ንዚ ዝተኻየደ ሰልፊ ዝቃወም ካሊእ ሰልፊ ምድላው (ዝሰማዕናዮ ወረ ሓቂ እንተኾይኑ) ሳዕቤኑ ምርዳእ የድሊ። ኣንፃር ሰልፊ ምውዳብ ዘላቒ መፍትሒ ኣየምፅእን። ደሓር ድማ ሰላማዊ ሰልፊ ምውፃእ ፀረ ውድብን መንግስቲን ምዃን ዘይኮነስ ውድብ ዘምሃረቶ ሕገመንግስታዊ መሰልን ቐያሕትን ፀለምቲን ደቁ ዝተሰውእሉ ዕላማን ኣብ ግብሪ ምውዓል ከምዝኾነ ምርዳእ የድሊ። ስልጡን ብዝኾነ መገዲ ሕገመንግስታዊ መሰሉ ዝሓተተ ህዝቢ ውድብ ዓሽ ክትብሎ እምበር ክተቆናፅቦ ኣይግባእን።

**ሓፈሻዊ መልእኽትና ንተጋሩ** (ኣብ መንግስቲ ዝሰርሕ/ዘይሰርሕ፣ ኣባል/ዘይ ኣባል ውድብ፣ ደጋፊ/ዘይደጋፊ ንኹሉ)

ትግራይ ንኹላትና ማዕረ ትብፃሕ፣ ሓማቓን ፅቡቓን እውን ከምኡ። ከምቲ ገለ ግጉያት ወገናት ደጋጊሞም ዝብሉዎ መንቆሪን ኳሓሊ፣ ፀላኢን ፈታዊን፣ ደጋፊን ዘይደጋፊን፣ ኣባልን ዘይኣባልን ወዘተ ናበልካ ትግራዋይ ምኽፋል መገዲ ጥፍኣት እምበር ልምዓት ከምዘይኮነ ክነስምረሉ ንደሊ። ኣብ ሕሉፍ (ቀረባን ናሑቕን)ታሪኽ ትግራይ ብናይ ሓሳብ ፍልልይን ስምዒትን ምናልባትውን ውልቃዊ ረብሓን ኣብ ፍሕፍሕ ኣቲዮም ክንደይ ኢዮም ዝተዋድኡን ህዝቢ ንፀገም ዘቃልዑዎን። ኣብ ክንዲ ምዝታይ ምትፍናንን ዛ እምባይ መን ይወርሳን ዝመስል ድሑር ኣታሓሳስብን ኣካይዳን ኣየዋጸእናን። ኣብ እዋናዊ ኣርእስቲታት ተሸኺልና ንንስና ክንባላዕ ብዙሕ ነገር ከየምልጠና ምእንታን ዘላቒ ረብሓና ኣብ ዘረጋግፁልና ክነተኩር ይግባእ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ እዋን ቐሊል ዘይበሃሉ ውሽጣውን ግዳማዊን ፀገማት ኣለዉዎ። ብሓደ ወገን ታሪኻዊ ፀላእቱ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ፀለመ ይነዝሕሉን ምስ ህዝቢታት ኢትዮጵያን ጎረባብቱን ንምፅላእን ኩሉ ዓይነት ፋሺሽታዊ መገዲ ኣብ ዝፍትንሉን ኩነታት ይርከብ፣ ብኻሊእ ወገን ድማ ብስእነት ሰናይ ምምሕዳር፣ ፍትሕን ድኽነትን ፣ ትሕተ ልምዓትን (underdevelopment) ሰንሰን ኣብ ዝብለሉ ዘሎ ኩነታት እንዳሃለወ ካፍቲ ዘለዎ ዘሰክፍ ሃዋሁው ንምውፃእ ኣብ ክንዲ መማረጺታት ምብዛሕ ተወሳኺ ርእሲ ሕማም ከይንፈጥረሉ ምስትውዓል የድሊየና ኣሎ ዝብል እውን ኣስሚርናሉ።

በቢእዋኑ ከምዚ ዓይነትን ካልኡት ፖለቲካዊ ረስኒ ዝቕስቅሱ ጉዳያት ኣብ ዝለዓልሉ ኩነታት ካብ ስምዒት ናፃ ብምዃን ንቲ ጉዳይ ህድእ ኢልካ ምምርማርን ርትዓዊ ብዝኾነ መገዲ ምትንታንን የድሊየና ኣሎ። ብዙሓት ብስምዒት ንነጉድ ኣለና። ኣብዛ መረባ ፌስቡክ እኳ እንተርኢና ሙሉእ ኣረፍተነገር እንተይንበበ ርኢቶ ዝህብ ብዙሕ እዩ። እሞ ኣስተዊዒልና ንዘላቒ ረብሓና ንስራሕ።

ብዝተረፈ ክልልና እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ተዛማዲ ናይ ሰላም ሃዋህዉ ንልምዓት ንምውዓልን ናብ ዝሓሸ ማሕብረ ቁጠባዊ ዓቕሚ ንምብፃሕን እቲ ሀዚ ዘሎ ጎታት ኣካይዳ ከመይ ይቀየር? ህዝብና ኩለንተናዊ ሓርነቱ ናመዝዖ ካብ ዝርከብ ድኽነቱን ናይ ረድኤት እኽሊን ዝወፅኣሉ ኩነታት ንምፍጣር እንታይ ንግበር? ተጋሩን ካልኦት በዓል ሃፍቲን ኣብ ትግራይ ትካላት ተኺሎም ነቲ ክልል ሃፍቲን ስራሕ ንኽፈጥሩሉን ምእንታን ምቹው ቢሮክራሲያዊ ሃዋሁው ንምፍጣር እንታይ ክግበር ኣለዎ? ፎቕዶ እንዳሻሂን ቡንን ቑንፈዘው ዝብል ዝውዕልን ንስደት ዝውሕዝን ዘሎ መንእሰይ (ሙሁርን ዘይሙሁርን) ኣብ ዓዱ ናይ ልምዓት ሓይሊ ንምግባር እንታይ ክግበር ለዎ? ወዘተ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ሙሁራን ተጋሩ ተይመሰየ ክዝትይሉን ንህዝቦም ዘለዎም ውግንናን ብግብሪ ከርኢዩ ይግባእ።

ሰናይ ፋሲካ!